# ባይቶ ይኣክል ኤርትራውያን
# ኣብ ኣውራጃ ባደን/ቩርተምበርግ ቆይሙ

ኣብዚ ኣዝዩ ተኣፋፍን ጽንኩርን እዋን፡ ውልቀ መላኺ ኢሰያስ ኣፈጨርቂ ንሕዝቢ ኤርትራ ከጽንትን ልዑላዊት ኤርትራ ከድውንን ኣብ ዝጓየየሉ ዘሎ መድረኽ፡ በቲ ሓደ ከኣ በዲዶ ኤፒደሚ ኮረና ቫይረስ ተላቢዑ ንዓለም ኣብ ዓቢ ስግኣት ብምእታው ህይወት ኣሽሓት ደቂ ሰባት ኣጥፊኡ ቅልውላው ኤኮኖሚ ዘስዓበሉ ህሞት፡ ኣብ ባደን ቩርተምበርግ ዝነብሩ ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ኣባላት ይኣክል ከካብ ከተማኦም ዝተወከሉ ክልተ ኣባላት ሽማግለ ቀዳም መዓልቲ ዕለት 14.03.2020 ኣብ ከተማ ስቱትጋርት Koblenz Str. 13, 70376 Stuttgart/Bad-Canstatt ንነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ጉባኤ ብምክያድ ካብ ውሽጦም ዓሰርተው ሓደ ዝኣባላታ ባይቶ መስሪቶም። ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ወከልቶም ክልእኹ ዘይከኣሉን ከምኡ`ውን ነቶም ገና ሽማግለ ይኣክል ዘየቖሙን ከተማታት ባደን-ቩርተምበርግ ንመሰል ኣባልነት ባይቶ ቦታ ተሓዚኡሎም ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ። ጉባኤ ብሽማግለ ስቱትጋርትን ከባቢኣን ብዝኽሪ ስውኣት ተኸፊቱ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መግለጺ ተዋሂቡ። ቀጺሉ ብኣባላት ኣወሃሃዲት ሽምግለ ናይ ባደን-ቩርተምበርግ ንዘካየድዎ ንጥፈታትን ጸብጻብን ገሊጾም። ኣስዒቡ ከኣ ኣማራጺት ሽማግለ ተመሪጻ ስራሓ ጀመረት።

ኣብቲ ዝተኻየደ ቅዱስን ሠናይን ጉባኤ 11 ብዴሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ኣባላት ይኣክል፡ መምህር ሙሉብርሃን ተስፋኣለም ብዝለዓለ ድምጺ ብልጫ ኣቦ መንበር ክምረጽ ከሎ ወ/ሮ ኢየሩሳሌም ተስፉ ከኣ ምክትል ኣቦ መንበር ኮይና ተመሪጻ። ዋና ፀሓፊ ኣቶ መርሃዊ ተስፉ ክኸውን ከሎ ናይ ዜናን ሓበሬታን ፀጥታን ከኣ ኣቶ ተስፋይ ገ/እግዚኣብሔርን ኣቶ ዳንኤል ተስፋይን ኮይኖም ተመሪጾም። መምህር ፍጹም ተስፋማርያም ናይ ፋይናንስ ተሓዝ ገንዘብ ኮይኑ ተመሪጹ። ብተወሳኺ ክልተ ኦዲተርስ/ተቆጻጸርቲ ኣቶ ኪዳን ኃይለን ኣቶ ዓንዶም በሪሁን ክምረጹ ከለው ተጠባበቕቲ ኣባላት ባይቶ ከኣ ኣቶ ዮውሃንስ ሲራክን ኣቶ ሳሙኤል ቀሺ ወልዳይን ኣቶ ገብረየሱስ መስፍንን ኢዮም። እቲ ኣዝዩ ዘሐጉስን ዓቢ ብስራትን ንኣብ መላእ ዓለም እንርከብ ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ፡ እዞም ቆጽሊ ኣንቢርና ወከልትና ክኾኑ መሪጽናዮም ዘለና ውልቀ ሰባት ኩሎም መንእሰያት ሰብ ተስፋን ሓቦን ብምዃኖም መጻኢ ጉዕዞ ቃልስና ክሳብ ሽቶ ዕላማና ዝወቅዕ ብሩህን ቀጻልን ከም ዝኾነ ዘተኣማምን ኢዩ። መንእሰይ ተላዒሉ የማን ፀጋም ከይበለ ኣብ ሓጺር ጊዜ ኣደራዕ ህዝቡን ድሕነት ሃገሩን ከድሕን ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

በዚ ኣጋጣሚ ከነተሓሳስቦ እንደሊ ካብ ኣዛውንትን ሽማግለታትን ጀሚሩ ተባዕታይ ኮነ ኣንስታይ ፆታ ክሳዕ መንእሰያትን ቆልዑን ኃይማኖት ኮነ ዓሌት ኣውራጃ ብዘየገድስ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ጽኑዕ ሓድነት ፈጢሩ ሃገርናን ሕዝብናን ከነድሕን እጃምና ከነበርክት ሎሚ ጽባሕ ዘይበሃሎ እዋን ምዃኑ ኢዩ። ስለዚ ከኣ ኣውራጃ ባደን-ቩርተምበርግ ኣባላት ባይቶ ኣቐማ ናብቲ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ባይቶ መላእ ጀርመን ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ዝቐውም ክትጽንበር ተዳልያ ከምዘላ ንሕብር።

ኣሰናዳኢ፦
ኣንገሃም ገ/የውሃንስ
ኣባል ደለይቲ ፍትሒ ስቱትጋርትን ከባቢኣን
ወኪል ኣሰና ስቱትጋርትን ከባቢኣን